ΕΛΛΗΝΙΚΗ ΔΗΜΟΚΡΑΤΙΑ
Υπουργείο Μετανάστευσης & Ασύλου

## መንበሪ ፍቃድ ብኸመይ መንገዲ ይሕደስ (ΑΔΕΤ)

ንምሕዳስ መንበሪ ፍቃድ ዝግበር ማመልከቻ ፡እቲ ኣብ ኢድኩም ዝርከብ ናይ መጀመርያ መንበሪ ፍቃድ ቅድሚ ምቅጻሉ እንተደንጎየ ቅድሚ ሰላሳ(30) መዓልታት ክትገብሩ ኣለኩም፡፡እቲ ማመልከቻ ትገብርዎ ኣብ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ሰብ መሰል ነብሱ ዝኸኣለ ናይ ዑቅባ ኣገልግሎት ኣሃዱ እዩ፡፡

ናይ ፖለቲካ ዑቅባ ተቀባልነት ወይድማ ድጋፋዊ ዑቅባነት ምክዋንኩም እንድህር ጠጠው ኢሉ መንበሪ ፍቃድኩም ክሕደስ ኣይክእልን እዩ፡፡

### መስርሕ ምሕዳስ መንበሪ ፍቃድ 4 ደረጃታት ዝሓዘ እዩ ፡

1. ብመንገዲ email ናይ ምሕዳስ ማመልከቻ ናብ ሰብ መሰላት ነብሱ ዝኸኣለ ናይ ዑቅባ ኣገልግሎት ኣሃዱ (AKA Δικαιούχων)ትገብሩ፡፡
2. ብመንገዲ email ካብ ናይ ሰብ መሰላት ነብሱ ዝኸኣለ ናይ ዑቅባ ኣገልግሎት ኣሃዱ(AKA Δικαιούχων)መልሲ ክወሃበኩም እዩ ፡፡
3. ተወሰኽቲ ኣድለይቲ ነገራት ናብ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት (ወይድማ ቤት ጽህፈት ኢሚግሬሽን ብግሪክ ኣሎ ዳፖን)ከተእትዉ ይግባእ፡፡
4. ነቲ ዝተሓደሰ መንበሪ ፍቃድ ካብ ዞባዊ ቤት ጽህፈት ዑቅባ ወይድማ ካብ ነብሱ ዝኸኣለ ናይ ዑቅባ ኣገልግሎት ኣሃዱ ትርከብዎ፡፡

## 1 አብ ናይ ሰብ መሰላት ነብሱ ዝከአለ አገልግሎት ዑቅባ አሃዱ (AKA Δικαιούχων) ብመንገዲ email ናይ ምሕዳስ ማመልከቻ ግበሩ፡

- ✓ ብመንገዲ email አብ ታሕቲ ብዘሎ ኤሌትሮኒካዊ አድራሻ ናብ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ሰብ መሰል ነብሱ ዝኽአለ ናይ ዑቅባ አገልግሎት አሃዱ ማመልከቻ ከተእትዉ አለኩም፡፡
  **GAS.residencepermits@migration.gov.gr**

- ✓ ኤሌትሮኒካዊ ማመልከቻ [አብዚ](#) ክትረኽብዎ ኢኹም ብቋንቋ ግሪክን ኢንግሊሽን፡፡
- ✓ ከምኡውን ብመልክዕ ዲጅታል ዝተዳለወ ንናይ ግሪክ ፓስፖርት ዝከውን ስእሊ (ክሳብ 2 MB).አተሓሒዝኩም ክትሰዱ አለኩም፡፡
- ✓ ናይ ነብስ ወከፍ ናይ ስድራ አባላት ነናቶም email ከምኡውን ነናቶም ማመልከቻ ነናቶም ስእሊ በብ ውልቆም ክሰዱ ይግባእ፡፡
- ✓ እቲ «አርእስቲ» አብቲ email ናይ ግድን «Renewals» ክኸውን አለዎ ፡፡ከምኡውን አብቲ አርእስቲ ናይ ግድን ቁጽሪ ናይቲ አብ ኢድኩም ዝርከብ መንበሪ ፍቃድ ክትመልኡ አለኩም፡ (ንአብነት“Renewals_P123456789”).

❗ [አብዚ](#) ብዝርዝር ከመይ ገይርኩም ማመልከቻ ክትሰዱ ከምትኽእሉ መምርሒታት ክትረክቡ ኢኩም ፡ ፡እዘን መምርሒታት ብኢንግሊሽ፣ብአረብ፣ብፋርሲ፣ብትግርኛ፣ብፈረንሳይ ዝቀረባ እየን፡፡

ΕΛΛΗΝΙΚΗ ΔΗΜΟΚΡΑΤΙΑ
Υπουργείο Μετανάστευσης & Ασύλου

## 2 ብመንገዲ email መልሲ ካብ ናይ ሰብ መሰላት ነብሱ ዝከአለ አገልግሎት ዑቅባ አሃዱ ክወሃበኩም እዩ

- ✓ ብኤሌትሮኒካዊ መንገዲ እቶም ዝስዕቡ መምርሒታት ደረጃ ብደረጃ እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ስለ እትሕበሩ፡ አብቲ ትገብርዎ ማመልከቻ ናይ ግድን እቲ ቁኑዕ ናትኩም አድራሻ email ብጥንቃቀን ሓቀኛን ክትመልእዎ ይግባእ፡፡
- ✓ ብመንገዲ email.ቤት ጽህፈት አገልግሎት ዑቅባ መልሲ ክሰደልኩም እዩ ፡፡ እቲ መልሲ በቲ ዝርድአኩም ቋንቋ እዩ ዝከውን፡፡
- ✓ ናይዚ መልሲ ትሕዝቶ ናይ መንበሪ ፍቃድኩም ንክሕደስ አዎንታዊ ውሳኔ ከምዝወጽኤን፡አብ ቀጻሊ ደረጃ እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ዝሕብርን እዩ ዝከውን፡፡
- ✓ ብተወሳኺ፡ እዚ መልሲ ተወሳኺ አድለይቲ ነገራት ናብ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት (ወይድማ ቤት ጽህፈት ኢሚግሬሽን ብግሪክ አሎ ዳፖን)ከተእትዉ ከምዝግባእ ይሕብርን የማሃላልፈኩምን፡፡
- ✓ እዚ መልሲ ብፍላይ <u>ብኑጹር አበየናይ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት (ወይድማ ቤት ጽህፈት ኢሚግሬሽን ብግሪክ አሎ ዳፖን)</u>ክትከዱ ከምዘለኩምን እንታይ ሒዝኩም ክትከዱ ከምዘለኩም ይሕብር እዩ፡፡

## 3 ተወሰኽቲ አድለይቲ ነገራት ምእታው ናብ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት (ወይ ቤት ጽህፈት ኢሚግሬሽን(አሎዳፖን))

- ✓ ናብ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት ክትከዱ ከለኹም ናይ ግድን ምስኹም ክህልወኩም ዝግብእ አድለይቲ ነገራት/ ሰነዳትን፡
    - ▪ ቅዳሕ ዝተሓትመ ናይቲ e-mail ጽሁፋዊ ትሕዝቶ፡
    - ▪ ምስቲ መምርሒ ዝተሰደደልኩም ምስቲ ፋይል ተታሓሒዚ ዝተላአከ email፡
    - ▪ ዘለኩም መንበሪ ፍቃድ፡፡እንድህር መንበሪ ፍቃድኩም ተሰሪቑ ወይድማ ጠፊኡ እንተኮይኑ አብ ፖሊስ ዝገበርኩሞ ናይ ማመልከቻ ሰነድ፡
    - ▪ ክልተ (2) አብ ቀረባ እዋን ዝተሳአልኩሞ ንናይ ግሪክ ፖስፖርት ዘገልግል ዓይነት ስእሊ፡

ΕΛΛΗΝΙΚΗ ΔΗΜΟΚΡΑΤΙΑ
Υπουργείο Μετανάστευσης & Ασύλου

! ካብ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት ናይቲ ዘአተኹሞ አድለይቲ ነገራትን ሰነዳትን ከምዘአተኹሞ መረጋገጺ ሰነደ ክወሃበኩም እዩ፡፡እዚ መረጋገጺ ሰነደ ክጠፍእ የብሉን ምክንያቱ ነቲ ዝተሓደሰ መንበሪ ፍቃድኩም ክትወስዱ ከለኹም ክትሕተቱ ኢኹም፡፡

## 4 እቲ ዝተሓደሰ መርበሪ ፍቃድ እትርከቡሉ ቦታ አብ ዞባዊ ቤት ጽህፈት ዑቅባ ወይድማ አብ ነብሱ ዝኽአለ አሃዱ ቤት ጽህፈት ዑቅባ ፡

- ✓ ካብ ናይ ሰብ መሰላት ነብሱ ዝኽአለ ናይ ዑቅባ አገልግሎት አሃዱ(AKA Δικαιούχων)ብመንገዲ email ዝመጽአኩም መልሲ (ብመሰረት ናይቲ ትነብሩሉ አድራሻ)አበየናይ ዞባዊ ቤት ጽህፈት አገልግሎት ዑቅባ ወይ ድማ (ነብሱ ዝኽአለ ናይ ዑቅባ አገልግሎት አሃዱ) ከይድኩም ነቲ ዝተሓደሰ መንበሪ ፍቃድኩም ክትወስዱ ከምዘለኩም ክሕብረኩም እዩ፡፡
- ✓ መንበሪ ፍቃድኩም ከም ዝተሓደሰን ንውህበት ድሉው ከምዝኾነን ንምፍላጥ ናይ ግድን አብ መግለጺ ናይ አገልግሎት ዑቅባ ዝተሓደሱ መንበሪ ፍቃድ . ክትከታተሉ አለኩም፡እንድህር መንበሪ ፍቃድኩም ተሓዲሱ እቲ ቁጽሪ ናይ ቀደም መንበሪ ፍቃድኩም አብቲ ሊስታ ክትርእይዉ ኢኹም፡፡

- ✓ እቲ መግለጺ ናይ እቲ ቁጽሪ ናይ ቀደም መንበሪ ፍቃድኩም ምስወጸ አበየናይ መዓልትን ሰዓትን ካበየናይ ቤት ጽህፈት እቲ ዝተሓደሰ መንበሪ ፍቃድኩም ክትወስድዎ ከምዘለኩም ብተወሳኺ ይሕብር እዩ፡፡
- ✓ ከምቲ አብቲ መግለጺ ዝተሓበረ ናይ ግድን አብ ፍሉይ መዓልትን ሰዓትን ንናይ ዝተሓደሰ መንበሪ ፍቃድኩም ክትወስድዎ ክትመጽኡ ይግባእ፡፡
- ✓ ናይ ግድን ባዕሉ/ባዕላ ክመጽኡ አለዎም፡ካልእ ሰብ ብምልአኽ መንበሪ ፍቃድ ምውሳድ አይከአልን እዩ፡፡
- ✓ መንበሪ ፍቃድኩም ክትወስድዎ ናብ ዞባዊ ቤት ጽህፈት አገልግሎት ዑቅባ ክትመጽኡ ከለኹም ናይ ግድን ማስክ ክትገብሩ አለኩም ፡፡

**ዝተሓደሰ መንበሪ ፍቃድኩም ክትወስዱ ክትመጽኡ ከለኹም ምሳኹም ሒዝኩሞ ክትመጽኡ ዝግበአኩም ኣድለይቲ ነገረት እዞም ዝስዕቡ እዮም፥**

- ☑ እቲ ናይ ቀደም መንበሪ ፍቃድኩም ከተረክብዎ ሒዝኩሞ ክትመጽኡ ኣለኩም፥
- ☑ እንድህር መንበሪ ፍቃድኩም ተሰሪቑ ወይድማ ጠፊኡ እንተኮይኑ ኣብ ፖሊስ ዝገበርኩሞ ናይ ማመልከቻ ሰነድ ናይ ግድን ሒዝኩሞ ክትመጽኡ ኣለኩም፥
- ☑ መረጋገጺ ናይቲ ዘእተኹሞ ኣድለይቲ ነገራትን ሰነዳትን ከምዘእተኹሞ ዝገልጽ ሰነድ ካብ ቤት ጽህፈት ፓስፖርት (barcode). ሒዝኩሞ ክትመጽኡ ኣለኩም፥